# ይኣክል ንመን ?

ኣብዚ ዘለናዮ መበል 21 ክፍለ ዘመን ቴክኖሎጅን መራኸብታትን ኣብ ዝረቐቐ በጺሑሉ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ በቲ ኣወንታዊ ጎድኑ ክንጥቀመሉ ከለና ንቕልጡፍ ዕቤትን ስልጣነን ሓጋዚ ይኸውን፡ በቲ ኣሉታዊ ጎድኑ ከኣ ንዕንወትን ጥፍሽናን የገልግል።

እቲ ሕቶ ኤርትራውያን ነዚ ዘመናዊ ቲክኖሎጂ ብኸመይ ንጥቀመሉ ኣለና፣

ኣብ ውሽጢ ሃገር መብዛሕትኦም መንእሰያት ኣብ ትምህርትን ኣብ ስራሕን ተጸሚዶም ነዚ ቴክኖሎጂ ዘምጽኦ ምዕቡል መሳርሒ ተጠቒሞም ነብሶም ኣብ ምምዕባል ኣበርቲዖም ክምሃሩን ክመራመሩን ሓደስቲ ምህዞታት ክምህዙን ብኡ ኣቢሎም ከኣ ሃገሮም ከልምዑን ክልውጡን ኣብ ብዙሕ ሞያታት ተዋፊሮም ብጽንዓት ይረባረቡን ይግስግሱን ኣለዉ። እቲ ዝዓበየን ዝኸበርን ጸጋ ሃገር ወዲ ሰብ ኣብ ቅድሚት ስለ ዝስራዕ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንዜጋታቱ ንኽምሃር ዝዓበየ ባጀት መዲቡ ብሉጻት ዜጋታት ንምፍራይ ኩሉ ዝከኣሎ ይገብር ኣሎ፡ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ገዛእትን ጨኮንትን ሓይልታት ኣብ ዝነበርትሉ እዋናት ሃገር ምሃይምን ሓውሲ መሃይማትን ትልለ ዝነበረት፡ ሳላ መስዋእትን ጻዕርን ደቃ ናብ ሃገር ምሁራትን ሊቓውንትን ክትቕየር ንዕዘብ ኣለና፡ ናይ ገዛእ ርእሳ ሞያውያን ንምጥራይ እታ ሓንትን ዝርካባን ኣብ ኣስመራ ጥራይ ዝነበረት ዩኒቨርሲቲ ኣብ ኩለን ዞባታት ኤርትራ ካልኦት 8 ዝተፈላለየ ስነ ፍልጠት ዘምህራ ምዕቡላት ኮሌጃት ወይ ዩኒቨርሲታት ትሃኒጸንን ብዙሓት ሞያውያን ኣፍርየንን የፍርያን ኣለዋ፡፡ እዞም ተስፋ ሃገር ዝኾኑ ተመራመርቲ መንእሰያት ዝተፈላለየ ዓይነት መሳርሒ ቴክኖሎጂ ብምጽናዕ፡ ንነብሶም ኣማዕቢሎ ቀይሮም ንሃገሮምን ሃገሮምን ህዝቦምን ዝጠቅም ምህዞታት ኣብ ዝገብርዎ ዘለዉ ጻዕርታት ከኣ ዘሕብን ኢዩ።

በቲ ካልእ ወገን ከኣ ብዙሓት መንእሰያት ነዚ ዕድላት ብግጉይ ኣገባብ ክጥቀምሉ፡ ኣብ ክንዲ ንትምህርትን ዕቤትን : ንኣሉታዊ መዳያት ጥራይ ክሰርሕሉ ይርአዩ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ መራኸቢ ሓበሬታ ቴክኖሎጂ (ሶሻል ሜድያ) ከም ፈይስ ቡክ፡ ትዊተር፡ ዌብ ሳይት ወ.ዘ.ተ ንመጻረፍን መባዝሒ ሓሶታትን መደንቆሪ ወረታትን ንመሕጸቢ ኣእምሮ ወዲ ሰብን ጥራይ ክንሳጉስሉ ከለዉ እቲ ክሳራ ይርኣየካ።

ነዚ ናይ ሓበሬታ ቴክኖሎጂ ብዝበዝሐ ብኣሉታዊ መልክዑ እንጥቀመሉ ከኣ ዝበዝሓና ኣብ ወጻኢ ዘለና ኤርትራውያን መንእሰያትን ካልኦት ንውልቓዊ ረብሓም ንጸቢብ ፖሎቲካዊ መሳርሒ ከም ሚሳይል ዝወነኑ ሓሶታት እናምሃዙ ንምዝንባል ኣእምሮ መንእሰያት ክሓጽብሉ ይርአዩ። ኣብዚ ዘለናዮ ዘበን ርሑቕ ዓዲ መሐሰዊ ከም ዝብሃል ኣብ ዕጹው ገዛ ተሸጒጥካ ስምካ ወይ መንነትካ ሓቢእኻ፡ ብናይ ሓሶት ሓበሬታ መሳርዕ ህዝብታት ንምዝራግ ንዘይኮነ ስእሊ ኣምሲልካ ብምቕራብ ናይ መንእሰያት ኣእምሮ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርካ ንምእታው ሓድነት ህዝቢ ንምዝራግ ብትሑት ጸበብቲ ስምዒታት ብኣውራጃ ብሃይማኖት ንህዝብታት ምንቛት ከም ዕለታዊ ስርሖም ዝሓዝዎ ኣገልገልቲ ፍሉይ ረብሓታት ከም ፍልሖ ክባዝሑ ይርአዩ። ሓሶትን ፍኹስን ግን ከም ትኪ በናኒ ስለ ዝኾነ ዕድመ የብሉን። ሓደ ካብቲ ንመሳርዕ ህዝቢ ኤርትራ ንምዝራግ ብመደብ ዝሰርሕ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ስርዓት ወያነ፡ ኣሸሓት ገንዘብ ብምፍሳስ ዲጂታል ወያነ ዝብል ሓዲሽ ጭንቀት ዝፈጠሮ ፕሮጀክት ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራን ብኡ ኣቢሉ'ውን ንናይ ሰላም መስርሕ ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ንምዝራግን ከም ዝዓበየ ዕማሙ ገይሩ ይሰርሓሉ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ንከዳዓትን ሃሱሳት ብገንዘብ እናኣዋፈረ፡ ኣብ ወጻኢ ብስም ናይ ኤርትራውያን ተጎልቢባ እትሰርሕ ሳተላይት ቴሊቪዥን ኣሰና (ሓሰና) ኣሸሓት ዶላራት ወጻኢታ እናገበረ በቲ ምልሙል ዕሱብን ከዳዕን ጋዜጠኛ ኣማኒኤል ኢያሱ እትካየድ ትካል ሃኒጹ ንግሆ ንግሆ ሓደስቲ ሓሶታት ብምምሃዝ ንህዝቢ ንምድንጋር ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ንምዝራግን ወፍሪ የካይድ ኣሎ። እቶም ኣብዚ መደብ ዝቐርቡ ባእታታት ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቓልስን ብድሕሪኡን ካብ ኤርትራ ዝተፈላለየ ዓበይቲ ገበናት ገይሮም ዝሃደሙ ከድዓት ደቂ ሃገርን፡ ጀብሃዊ ኣተሓሳስባ ዘይበለየሎምን ናይ ቦታን ስልጣንን ህርፋን ዘለዎም ከዳዓትን፡ ካልኦት ከም ኤርትራውያን መሲሎም ዝተዋፈሩ ተጋሩን ኣብ ናይ ኣሰና ተለቪዥን ካልኦት ብዛዕባ ኤርትራ ጸለመን ሕማቕን ጥራይ